# ኣብ ግምገማ ሃገራት ዓበይቲ ለውጥታት ክተኣታቶ እዩ- ቀጠልያ ዝኾና ሃገራት ክበዝሓ እየን

ካብ 5 ሓምለ ንኔው ደረታት መገሻን ሕግታት ውሽባን ብመሰረቱ ምስ ቁጽራዊ ደረታት ኤውሮፓዊ ሕብረት ተዛማዲ ክኾውን እዩ። ኣብ ሰሙናዊ ግምገማ ሃገራት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብምሙርኳስ መንግስቲ ሕጂ ብዙሕ ለውጥታት የተኣታቱ ስለ ዘሎ ቀጠልያ ዝኾና ሃገራት ሕጂ ኣጸቢቐን ክበዝሓ እየን። ከም ተወሳኺ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንመጀመርታ ግዜ ንገለ ደሴታትን ገለ ምሩጻት ሳልሶት ሃገራትን ገምጋማት ኣካይዶም ኣሎዉ። ብምሉኦም እዞም ለውጥታት ካብ ፍርቂ ለይቲ ንሰኑይ 5 ሓምለ ዘውግሕ እዮም ኣብ ግብሪ ክውዕሉ።

–ሽሕ'ኳ ዝዓበየ ክፋላት ኤውሮጳ ሕጂ ቀጠልያ ብምዃኑ ኣብ መገሻዊ መገሻ ከይኣተዉ ንሃገርና ክኣትዉ ዝኽእሉ ገያሾ እንተበዝሑ ጌና ሕጂ ውን እቶም ካብ ቀጠልያ ሃገራት ዝመጹ ገያሾ ክኣትዉ ከለዉ ክምዝገቡን ኣብ ዶብ ክምርመሩን ዘገድዶም ሕግታት ክህሉ እዩ። እዞም ሕግታት ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝመጽእ ለብዒ ክከላኸሉልና፡ ሓበሬታ ከውህቡናን ካብ ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረስ ክከላኸሉልናን እዩ ዕላምኦም ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሕጂ ውን ካብ ክልል ምትሕብባር ኤውሮጳ/ሸንገንን ዓባይ ብሪጣንያን ወጻኢ ኣድለይቲ ዘይኮኑ መገሻታት ከነውግድ እዮም ዝመኽሩና ዘለዉ። ካብ 5 ሓምለ ንንዮ ንገለ ምሩጻት ሃገራትን ካብ ኤውሮፓዊ ሕብረት ወጻኢ ዝርከባ ገሊኦን ሳልሶት ሃገራት ኣብ ዝርዝር ሊስታ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፊረን ዘለዋ ሕድገት ክግበረለን እዩ፡ እዘን ሃገራት ''ሊላ ሃገራት'' እየን ዝበሃላ [( ዝርዝር ሊስታ ኣብ ታሕቲ ተመልከት)።](#) ሽዑ ነዘን ዝስዕባ ሃገራት ዝምልከተን ምኽርታት መገሻ ክለዓል እዩ። ንዝተረፈ ክፋል ዓለምና ዝምልከት ምኽርታት መገሻ ክሳብ 10 ነሓሰ ዘሎ እዋን ክጸንሕ እዩ።

ሕጂ ቁጽራዊ ደረታት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሕብራዊ ካርታን ንጥቀመሉ ካብ ሃለና ''ኣራንሻውያን ሃገራት'' ዝብል ኣምራት ክንጥቀመሉ ኢና። ሎሚ ኣብ መንጎ ኣራንሻውያን ሃገራትን ቀያሕቲ ሃገራትን ዝኾነ ፍልልይ የለን፡ እዚ ግን ኣብ መጻኢ ክቕየር ይኽእል እዩ።

## ሃገራት ኤውሮጳ (ካብ ሃገራት ኖርዲክ ወጻኢ ንዝኾና ሃገራት)

*እዘን ዝስዕባ ሃገራት ቀጠልያ ክኾና እየን:*

Belgia/በልጁም, Bulgaria/ቡልጋርያ, Estland/ኢስትላንድ, Frankrike/ፈረንሳ, Færøyene/ደሴታት ፋሮ, Hellas/ግሪኽ, Italia/ጥልያን, Kroatia/ክሮኣሽያ, Liechtenstein/ሊክተንስተይን, Litauen/ሊትወንያ,

Luxemburg/ላክሰምቡርግ, Malta/ማልታ, Polen/ፖላንድ, Romania/ሮማንያ, San Marino/ሳንማሪኖ, Slovakia/ስሎቫክያ, Slovenia/ስሎቨንያ, Sveits/ስዊዘርላንድ, Tsjekkia/ቸክ ሪፓብሊክ, Tyskland/ጀርመን, Ungarn/ሃንጋሪ, Vatikanstaten/ቫቲካንን Østerrike/ኦስትሪያን።

*እዘን ዝስዕባ ሃገራት ቀጠልያ ኮይነን ክቕጽላ እየን:*
Grønland/ግሪንላንድን Island/ኣስይላንድን

*እዘን ዝስዕባ ሃገራት ኣራንሾት ወይ ቀያሕቲ ኮይነን ክቕጽላ እየን:*
Irland/ኣየርላንድ, Kypros/ቈጵሮስ, Latvia/ላትቪያ, Monaco/ሞናኮ, Nederland/ሆላንድን Portugal/ፖርቱጋልን (ኣራንሻዊ).
Andorra/ኣንዶራ, Spania/ስፓኛን Storbritannia/ዓባይ ብሪጣንያን (ቀያሕቲ).
ካብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝመጹ ገያሾ ገለ ክፋል ውሽባኦም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ከሕልፉዎ ኣይክግደዱን እዮም። (ካብ ደሚቕ ቀይሕ ናብ ቀይሕ ተቐይሩ ኣሎ)።

## ካብ ሃገራት ኖርዲክ ወጻኢ ዝኾነ ዞባታት

### ሽወደን

*እዘን ዝስዕባ ዞባታት ቀጠልያ ክኾና እየን:*

Dalarna/ዳላርና, Gotland/ጎትላንድ, Gävleborg/ያቭለቦርግ, Halland/ሃላንድ, Jämtland/ያምትላንድ, Skåne/ስኮነ, Stockholm/ስቶክሆልም, Södermanland/ሶደርማንላንድ, Uppsala/ኡፕሳላ, Västerbotten/ቨስተርቦተን, Västernorrland/ቨስተርኑርላንድ, Västmanland/ቨስትማንላንድ, Västra Götland/ቨስትረ ጎትላንድ, Örebro/ኦረብሮን Östergötland/ኦስተርጎትላንድን

*እዘን ዝስዕባ ዞባታት ኣራንሻዊ ወይ ቀያሕቲ ኮይነን ክቕጽላ እየን:*
Blekinge/ብለኪንገ, Jönköping/ዮንሾፒንን Kalmar/ካልማርን (ኣራንሻዊ) ከምኡ'ውን
Kronoberg/ክሩኖባርግ, Norrbotten/ኑርቦትተን Värmland/ቫርምላንድን (ቀያሕቲ).

### ደንማርክ

*እዘን ዝስዕባ ዞብታት ቀጠልያ ክኾና እየን:*

Sjælland/ሸላንድ, Syddanmark/ሲደንማርክ, Midtjylland/ሚድላንድን Nordjylland/ኑርዲይላንድን Regionen Hovedstaden/ዞባ ርእሲ ከተማ (København/ኮፐንሃገን ዘጠቓልለ) ኣራንሻዊ እዩ።

### ፊንላንድ

*እዘን ዝስዕብ ዞባታት ቀጠልያ ከኾና እየን:*

Helsink/ሀልሲንክን Uusimaa/ኡሲማን, Pirkanmaa/ፒርካንማን  Päijät-Häme/ፓጃት-ሃመን.

*እዘን ዝስዕባ ዞባታት ቀጠልያ ምኧን ክቕጽላ እየን:*
Central Finland/ሰንትራልፊንላንድ, Central Ostrobothnia/ሰንትራልኦስትሮቦትኒያ, Etelä-Savo/አተላሳቮ, Itä-Savo/ኢታ-ሳቮ, Kanta-Häme/ካንታ-ሃመ, Kymenlaakso/ኪመንላክሱ, Lappi/ላፒ, Länsi-Pohja/ላንሲ-ፖህጃ, North Karelia/ኖርዝ ካረልያ, North Ostrobothnia/ኖርዝ ኦስትሮቦትኒያ, Pohjois-Savo/ፖህጆይስ-ሳቮ, Satakunta/ሳታኩንታ, South Karelia/ሳውዝካረልያ, South Ostrobothnia/ሳውዝኦስትሮቦትኒያ, Vaasa/ቫሳ, Varsinais-Suomi/ቫርሲናይስሱኦሚን Åland/ኦላንድን.

Kainuu/ካይኑ ኣራንሻዊት እያ።

## ምሩጻት ደሴታት ኣብ ኤውሮጳ

ካብ 5 ሓምለ ንንዮ ዝተወሰና ደሴታት ፍሉይ ገምጋማት ክግበረለን እዩ መታን ንኖርወያውያን ከም መገሺ ቦታታት ህቡባት ዝኾና ደሴታት ብውሕስነት ናብአን ክገሹ ባይታ ከነጣጣሓሎም። ኣብ እዋን ለበዳ እዘን ደሴታት ካብ ክፍላ-ምድሪ ዝተፈልየ ኩነታት ለብዒ እዩ ኔሩወን።

*እዘን ዝስዕባ ደሴታት ቀጠልያ ከኾና እየን:*

- De joniske øyer, Hellas/ዴሴታት ኣዮንያን፡ ግሪኽ
- Kreta, Hellas/ክሬታ፡ ግሪኽ
- Nordlige egeiske øyer, Hellas/ ሰሜናዊ ደሴታት ኣጅያን፡ ግሪኽ
- Korsika, Frankrike/ኮርሲካ፡ ፈረንሳ
- Madeira, Portugal/ማዳይራ/ፖርቱጋል
- Sardinia, Italia/ሳርዲንያ፡ ጥልያን
- Sicilia, Italia/ቸቺልያ፡ ጥልያን

*እዘን ዝስዕባ ደሴትታት ቀያሕቲ ወይ ኣራንሻዊ ከኾና እየን:*

- Azorene, Portugal/ኣዞረን፡ ፖርቱጋል (ኣራንሻዊ)
- Balearene, Spania/ ባለኣረን፡ ስፓኛ (ኣራንሻዊ)
- Sørlige egeiske øyer, Hellas/ ደቡባዊ ደሴታት ኣጅያን፡ ግሪኽ (ኣራንሻዊ)

- Kanariøyene, Spania/ደሴትታት ካናሪ፡ ስፓኛ (ቀይሕ)

## ምሩጻት ሃገራት፡ ሊላ ሃገራት

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንመጀመርታ ግዜ ካብ ኤውሮፓዊ ሕብረት ወጻኢ ዝርከባ ሃገራትን ቦታታትን ኣብ ሊስታ ሳልሶት ሃገራት ሰፊረን ዝርከባ ገምጊሞመን ኣሎዉ፡ እቲ ዘካየዱዎ ገምጋም ድማ ካብኡ ዝመጹ ገያሾ ኩነታት ለብዒ ትሑት ብምዃኑ ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ካብ መወሸቢ ሆቴል ምእታው ክድሕኑ ይኽእሉ ዝብል እዩ ኔሩ። እዚኦን ካብ ሕጂ ንኔው ‘’ሊላ ሃገራት’’ ተባሂለን እየን ክጽውዓ።

*እዘን ሃገራትን ከባቢታትን ሊላ ክኾና እየን:*

- Australia/ኣውስትራልያ
- New Zealand/ኒውዚላንድ
- Israel/ኢስራኣል
- Japan/ጃፓን
- Libanon/ሊባኖስ
- Nord-Makedonia/ሰሜናዊ-ማቀዶንያ
- Serbia/ሰርብያ
- Sør-Korea/ደቡብ-ኮርያ
- USA/ውድብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
- Singapore/ሲንጋፖር
- Taiwan/ታይዋን

ኣብ ሊላ ሃገራት ዝነበሩ ገያሾ ማዕረ ካብ ቀያሕቲ ሃገራት ዝመጹ ክምርመሩ፡ ክምዝገቡን መገሻዊ ውሸባ ከካይዱን ግዴታ ኣለዎም። እዞም ሕግታት ክቕየሩ ስለዝኽእሉ ሊላ ሃገራት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሰን ምድብ ተፈልየን ብሕጋጋት ኮቪድ-19 እየን ክቕየዳ።

እቶም ድሮ ንኖርወይ ክኣትዉ ዝፍቀደሎም ሰባት፡ ንኣብነት ኣብ ኖርወይ ቀወምቲ ተቐማጦ ዝኾኑ ሰባት ድማ ኣብዚ ‘’ሊላ ሃገራት’’ዝበሃል ሓድሽ ምድብ ዛኣተዋ ቦታታት እንተደኣ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 መዓልትታት ኔሮም ኮይኖም ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ካብ መወሸቢ ሆቴል ምእታው ክድሕኑ እዮም።

## ካብ ሊላ ሃገራት ዝመጹ ኣቦሓጎታትን ዓባያታትን፡ ፍቑራትን ካልኦትን ንኖርወይ ክኣትዉ ይፍቀደሎም እዩ

መብዛሕትኦም ካብ ሳልሶት ሃገራት ዝመጹ ሰባት ንኖርወይ ዋላ እኳ ክኣትዉ ዘይፍቀደሎም እንተኾነ ገለ ሕድገታት ዝግበረሎም ግን ኣለዉ እዮም። ካብ 5 ሓምለ ድማ ተወሳኺ ሕድገታት ክወሃብ እዩ፡ ኣብ ሊላ ዝኾና ሃገራት ዝቕመጡ ወጻእተኛታት ምስ ኣብ ኖርወይ ዝቕመጡ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ዝምድናታት ምስ ዝህልዎም ናብ ኖርወይ ምእታው ክፍቀደሎም እዩ።

1. ልዕሊ ዕድመ ደቅኻን ደቂ ሰብኣይካ ወይ ሰበይትኻ ዝብጽሑኻ ቈልዑ፡ ከምኡ'ውን ወለዲ ንልዕሊ ዕድመ ደቆም ወይ ደቂ ሰብኣየን ወይ ሰበይቶም ዝብጽሑዎም።
2. ኣቦሓጎን ዓባይን ደቂ ደቅኻን (ንሰብኣይ ኣዴኻ ወይ ኣቦኻ ወለዶምን ከምኡ`ውን ደቂ ሰብኣየን ወይ ሰበይቶም ዝወለዱዎምን እውን ይምልከት)
3. ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ፍቑራት ኣዕሩኽን ትሕቲ ዕድመ ደቆምን። እቲ ፍቕራዊ ዝምድና ብውሑዱ ንትሸዓተ ኣዋርሕ ዝጸንሐን ብኣካል ተራኺቦም ዝፈልጡን ክኾኑ ኣሎዎም። ኣዕሩኽ ንሃገር ክኣትዉ እንተደኣ ኮይኖም ኣቐዲሙ ፍቓድ ዝተዋህቦም ክኾኑ ኣሎዎም።

እዚ søknad til Utlendingsdirektoratet (UDI)/መሕተት ወረቐት ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ብምስዳድ ክሕተት ይከኣል። ድሮ ንቐረባ ኣባላት ስድራቤት ከም ሰብ ሓዳር/ብሓንሳብ ዝቕመጡ መጻምድትን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑን ንኖርወይ ምእታው ተፈቒድሎም ኣሎ።

እዚ ዝስዕብ ውን ኣንብብ: Lettelser i innreiseregler for familie- og kjærestebesøk/ምፉኺሳት ሕግታት መገሻ ንኣባላት ስድራቤትን በጻሕቲ ፍቑራትን

## ዝተሓደሰ ሰሙናዊ ሓበሬታ

ትካል ህዝባዊ ጥዕና እተን ክግምገማ ዝኽእላ ሃገራትን ቦታታትን ይግምግሙወን እዮም። ኣብተን ዝኑቓት ዝኾና ሳምንታት (partallsuker) ኩለን ሃገራትን ቦታታትን እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከምዝወሃበን ገምጋም ይግበረሉ እዩ። ኣብተን ፋርዳት ዝኾና ሳምንታት (oddetallsuker) ኩነታት ለብዒ ናይ ገሊኦን ሃገራት ካብ ቀጠልያ ናብ ቀይሕ ይቀየር ዘብል ድዩ ኣይኮነን ጥራሕ እዮም ዝግምግሙ።

ዝተሓደሰ ሓበሬታ ገምጋም ሃገራት ኣብ regjeringen.no ዓርቢ ዓርቢ ሰዓት 12 ክወጽእ እዩ፡ ሽዑ እቶም ዝተኣታተው ምቅይያራት ካብ ንሰኑይ ዘውግሕ ፍርቂ ለይቲ ኣትሒዞም ኣብ ግብሪ ይውዕሉ። እቶም ለውጥታት ኣብ ግብሪ ምስ ወዓሉ ሕጋጋት ኮቪድ-19ን det interaktive kartet på FHI.no/ዝሕደስ ካርታ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ድማ ሕደሱ።

## ኩነታት ለብዒ ዘይርጉጽ ብምኳኑ ንዝተፈላለያ ሃገራት ዝምልከተን ምኽርታትን ሕግታትን ብቐልጡፍ ክቕየር ይኽእል እዩ።

ጌና ሕጂ ውን ኣብ ኖርወይን ካልኦት ሃገራትን ተረርቲ ሕግታት መገሻ ስለ ዘለዉ ቅድሚ ናብቲ ትገሾ ሃገር ምብጋስካ ኣቐዲምካ እቶም ሕግታት ኣጽንዓዮም፡ ናብ ኖርወይ ክትምለስ ከለኻ ኣየኖት ሕግታት ውሸባ ከምዝምልከቱኻ እውን ኣጽንዓዮም።

ኣብተን ዝተፈላለያ ሃገራት ኩነታት ለብዒ እንተደኣ ተጋዲዱ ሕግታት መገሻ ኣብ ሓጺር እዋን ክቕይሮኦ ይኽእላ እየን። ስለዚ ምሕጽንታ መንግስቲ ሕጂ እውን ዕረፍትና ኣብ ኖርወይ ክነሕልፎ ኣለና ዝብል እዩ። ውሑስን ኩነታቱ ንምግማቱ ዘየሸግር ስለ ስለዝኾነን ድማ ኢዩ። እቶም ዝገሹ ንኖርወይ ክምለሱ ከለዉ ንነዊሕ ግዜ ኣብ መስርዕ ክጽበዩ ክግደዱ ይኽእሉ እዮም። ካብ ወጻኢ ሃገራት ዝመጽእ ለብዕን ምናልባት ክመጹ ዝኽእሉ ሓደስቲ ዓይነት ቫይረሳትን ግድን ኢና ክንከላኸል ዘለና።

እዚ ማለት ኣብ ዶብ መርመራታትን ቁጽጽርን ክህሉ እዩ፡ ማለት ካብቲ ዝለመድናዮ ምሉእ ብምሉእ ዝተፈልየ ክኸውን እዩ። ወላ እኳ ቁጽጽር ዶባት ዝያዳ ስሉጥነት ከምዝህልዎ ንምግባር ብቐጻሊ ንሰርሓሉ እንተለና መስርዕ ክነውሕ ይኽእል እዩ።

**እዚ ካብ ዕለት 5 ሓምለ ኣትሒዙ ዝምልከተና ቅጥዕታት መገሻን ውሸባን እዩ**

- ቀጠልያ ሃገራት፡ ንኖርወይ ክትኣቱ ከለኻ ክትምርመር ወይ ክትውሸብ ኣይትግደድን ኢኻ። ቅጥዒ መገሻ ክትመልእን ክትኣቱ ከለኻ ኣብ ዶብ ክትምርመርን ኣለካ። ኣብ ቀጠልያ ሃገራት ዝቐመጡ ሰባት እገዳ መገሻ ንኖርወይ ኣይምልከቶምን እዩ።

- ኣራንሻዊ ሃገራት፡ ካብ ኣራንሻዊ ሃገራት ዝመጹ ገያሾ ከም ካብ ቀያሕቲ ሃገራት ዝመጹ ገያሾ ሓደ ዓይነት ሕግታት እዩ ዝምልከቶም። ይኹን ደኣ እምበር ኣብ መጻኢ ንኣራንሻዊ ሃገራት ዝምልከት ርእሱ ዝኸኣለ ቅጥዕትታት ከነተኣታቱ ንኽእል ኢና።

- ቀያሕቲ ሃገራት፡ ንኖርወይ ንምእታው ንመነ መን ይፍቀዶ ብዝብል ደረት ኣሎዎ። እቶም ንኖርወይ ክኣትዉ መሰል ዘለዎም ገያሾ ቕድሚ ምብጋሶም ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ዘርኢ ምስክር ወረቐት ክህልዎም፡ ቅጥዒ መገሻ ክመልኡን ክኣትዉ ከለዉ ኣብ ዶብ ክምርመሩን ክውሸቡን ኣሎዎም።

- ደመቕቲ ቀያሕቲ ሃገራት፡ ከም ቀያሕቲ ሃገራት ሓደ ዓይነት ሕግታት መገሻ ዘለዎም ኮይኑ፡ እንተኾነ ግና መገሻዊ ውሸብኦም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ከሕልፉዎ ይግደዱ።

- ሊላ ሃገራት፡ ኣቦሓጎታት ዓባየታት፡ ፍቑራትን ወዘተን ካብዘን ሃገራት ዝመጹ እገዳ መገሻ ኣይምልከቶምን እዩ። ምስቶም ካብ ቀያሕቲ ሃገራት ዝመጹ ሓደ ዓይነት ሕግታት መገሻ ኢዩ ዝምልከቶም (ውሸባ፡ መርመራ ወዘተ)።

- ካልኦት ሃገራት ዓለምና፡ ከም ደመቕቲ ቀያሓት ሃገራት ሓደ ዓይነት ሕግታት ውሸባ ይምልከቶም (መወሸቢ ሆቴል፡ መርመራ ወዘተ)

ምሉእ ብምሉ ክታበት ዝተኸተብካ እንተደኣ ኰይንካ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዘሕለፍካ እንተደኣ ኰይንካ፡ እሞ ኸኣ ብብቑዕ ምስክር ወረቐት ኖርወይ ወይ ኤውሮጳ ብሰነድ ከተረጋግጾ ትኽእል እንተኾይንካ፡

ከምኡ እንተደኣ ኾይኑ ንኖርወይ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ፡ ከምኡ'ውን ካብ መገሻዊ ውሸባ፡ ምስክር ወረቐት ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ፡ ቅጥዒ መገሻ ምምላእን ወይ ኣብ ዶብ ምምርማርን ብምሉኡ ሕድገት ይግበረልካ። እዚ ካበየናይ ሃገር መጺኻ ብዘየገድስ'ዩ ዝምልከተካ።

ኣብ «Hva gjelder for deg?/ንዓይ እንታይ እዩ ዝምልከተኒ፧» ዝብል ኣብ መርበብ ሓበሬታ helsenorge.no ብምእታው ዝያዳ ሓበሬታ ክንበብ ይከኣል። ኣብዚ እቶም ኣብ ሊስታ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚርም ዘለዉ ሕድገታት ውን ተገሊጾም ኣለዉ፡ ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ካብ ምእታው ይድሕኑ ዝብል ሕድገት ኣሎ።

***መለከዒታት ግምገማ ሃገራት***

ቁጽራዊ ደረታት መገሻ ንምዝጉባት ብዝሒ ልኽፋት፡ ምምርማርን ቁጽሪ ህዝቢ ሃገራት ኤውሮጳ ዝምልከት ካብ ኤውሮጳዊ ቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ለብዒ (ECDC) እዩ ዝመጽእ፡ እዚ ድማ ትካል ህዝባዊ ሓበሬታ ኣብ ዘካይዶዎ ቅመራ ከም ቀዳማይ ምንጪ ሓበሬታ እዮም ዝጥቀሙሉ።

እዞም መለከዒታት ኣብተን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ኣብ ነፍስ ወከፍ 100 000 ተቐማጦ ዘሎዉ ብዝሒ ልኽፋትን ብዝሒ እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታትን እዮም ዝሙርኮሱ። ስለዚ «ካብ 50 ልኽፋት ዝውሕዱ» ክበሃል እንከሎ እምበኣር «ኣብዘን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ካብ ነፍሰወከፍ 100 000 ተቐማጦ ትሕቲ 50 ዝተረጋገጹ ልኽፋት ተረኺቦም» ማለት እዩ።

- ቀጠልያ ሃገራት፡ ካብ 50 ዝውሕዱ ልኽፋትን እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታት ትሕቲ 4 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ ወይ ካብ 75 ልኽፋት ዝውሕዱን እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታት ትሕቲ 1 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ።

- ኣራንሻዊ ሃገራት፡ ካብ 50 ዝውሕዱ ልኽፋትን እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራት ትሕቲ 4 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ፡ ወይ ልኽፋት ኣብ መንጎ 50ን 75ን ክኸውን ከሎን ብጽሒት እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታት ልዕሊ 1 ሚእታዊት ክኸውን ከሎ ወይ ቁጽሪ ልኽፋት ኣብ መንጎ 75ን 200ን ክኸውን ከሎን እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታት ካብ 4 ሚእታዊት ክውሕዱ ከለዉ።

- ቀያሕቲ ሃገራት፡ ልኽፋት ኣብ መንጎ 75ን 200ን ክኸውን ከሎን እወታዊ ዝውጽኢቶም መርመራታት 4 ሚእታዊት ወይ ልዕሊኡ ክኸውን ከሎ ወይ ልኽፋት ኣብ መንጎ 200ን 500ን ክኾኑ ከለዉ።

- ደሚቕ ቀያሕቲ ሃገራት፡ ልኽፋት ምዃኖም ዘረጋገጹ 500 ወይ ልዕሊኡ ክኸውን ከሎ ወይ መገምሚ ዝኸውን ኣገዳስን ተኣማንን ሓበሬታ ክውሕዶም ከሎ።

ለብዒ ንምክልኻል ፍሉይ ጥንቃቐታት ምግባር ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ንኣብነት ብፍሉይ ብቐልጡፍ ዝላብዑ ዓይነታት ቫይረሳታት ብብዝሒ ዝረኣየሉ ሃገራት ደረጃ ምርሙራት ልኽፋት ብዘየገድስ እታ ሃገር ኣብ ደሚቕ ቀይሕ ክትምደብ ኣለዋ።
እታ ሃገር ብወድዓዊ መለከዒታት ወላ ቀጠልያ ክትከውን ኣለዋ ዘብል እንተኾነ ምሉኣውነት ዘለዎ ገምጋም ብምግባር ሕብራ ኣራንሻዊ ወይ ቀይሕ ክኸውን ኣሎዎ ክበሃል ይከኣል እዩ።

ስእሊ ኣዕብዮ

ካብ ዕለት 5 ሓምለ ዝምልከቱና ቊጽራዊ ደረታት

| | ትሕቲ 1% እወታዊ ውጻኢት ዝተረኽበሎም | 1-4 ሚእታዊት እወታዊ ውጽኢት ዝተረኽበሎም | ልዕሊ 4 ሚእታዊት እወታዊ ውጽኢት ዝተረኽበሎም |
|---|---|---|---|
| ትሕቲ 50 | | | |
| 50-75 | | | |
| 75-200 | | | |
| 200-500 | | | |
| ልዕሊ 500 | | | |